ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን
ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ኣትላንታ ጆርጅያ።

Debre Geezan Medhanealem
Eritrean Orthodox Tewahdo Church
Atlanta, Georgia

## ውሳኔታት ፍርቂ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ማሕበረ ምእመናን
## ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ።

ሓፈሻዊ ናይ ማሕበረ ምእመናን ናይ ደብረ ግእዛን መድሓኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ ሰንበት 09 ጥቅምቲ 2005 (28 መስከረም 1998 ግእዝ) ካብ ምዝጉባት ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ክልተ ሚእትን ትሽዓተን (209) ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ኣብ ቤተ ክርስቲያንናን ካህንናን ዝምልከት ብዝርዝር ናብ ጉባኤ ሓፈሻዊ ማሕበረ ምእመናን ብምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ቀሪቡ።

ንቤተ ክርስቲያንናን ካህናን ኣመልክቶም ዝተጻሕፉ ደብዳቤታት ኣብ ጉባኤ ተነቢቦም።

ብፍላይ ኣቡን ሲኖዳ፡ ንቀሺ ገብረሚካኤል ዮሓንስ ካብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ደው ክብል ዝጸሓፍዎ፡ ደብዳቤ፡

ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ፡ ኣቡን ሲኖዳን ኣቡን ሉቃስን ብቡራኬን ፍቓድን ቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ተማእኪሎም ዘይመጽኡ ምኻኖምን ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሓንስ ኣገልግሎት ክቕጽል፡ ጉድለት ኣሎ ዝበሃል እንተደኣ ኮይኑ ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ተማእኪሉ፡ ደረጃኡ ሓልዩ፡ ክቐርብ ዝብል፡ ኣገባብ ኣሰራርሓን፡ ማእከልነትን ዝምልከት፡

ጉባኤ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት፡ ንነዊሕ ሰዓታት ምስ ተዘራረበን፡ ምስ ዘተየን፡ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

1. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን፡ ኣትላንታ፡ ብዘይ ናይዝኾነ ይኹን ሓገዝን ደገፍን፡ ብኣስተዋጽኦ ኣባላት ዝቖመ፡ ከም ሃይማኖታዊ ትካል ኮይኑ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ስቴት ጆርጅያ ተመስሪቱ፡ ብሕጊ ዝቖመ ምምሕዳራዊ ጽፍሒ ዘለዎ፡ ዘይመኽሰባዊ፡ ብሃይማኖታዊ ተቋም ኮይኑ፡ ሃይማኖታዊ ሰንሰለታዊ ርክቡ፡ ምስ ብቀኖና ቤተ ክርስቲያን ብሕጊ ዝተቐብአ ቅዱስ ፓትርያርክ ዝመርሖ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ምኻኑ ጉባኤ ምእመናን ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቑ።
2. ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ፡ ኣቐዲሙ፡ ንሓድሕዱ



P.O.BOX 1385
Redan , GA. 30074
USA

(770)-484-1322 Church
Fax (770)-484-1344

ዝቃረን፡ ዝተፈላለየ ሓሳባት ዝሓዘ ጽሑፋት ካብ ላዕልዋይ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ክበጽሓና ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ዘይምእኩል ኣሰራርሓ እዚ ድማ፡ ኣብ ምእመናንና ጸገም ክፈጥር ጸኒሑ። ካብ ሎሚ ንድሓር ግና ብጥርኑፍ ይኹን ብተናጸል፡ ንናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሃይማኖታዊ ጉዳይ ብምውካል፡ ዝውሰኑ፡ ዝፍረሙ፡ ዝለኣኹ፡ ነገራት ኩሎም፡ ብጀካ ብክታምን ማሕተምን ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ፡ ተፈሊጡን ጸደቑን ዝመጽእ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ጎድናዊ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን መልእኽቲ ከም ዘይቅበል ጉባኤ ብከምዚ ዚስዕብ ድምጺ ወሲኑ።

ንውሳኔ ቁጽሪ 2, ቴስዓን ሸውዓተን ካብ ሚእቲ 97 0/0 ብምሉእ ከጽድቖ እንከሎ።
ብ 3 ድምጺ ተቓውሞ፡ 4 ድምጸ ተዓቅቦ ብምኻን፡ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ።

3. ኣቐዲሙ ብዘይፍቓድን መሰነይታን ቅዱስ ፓትርያርክ ናብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝመጽኡ ጳጳሳት፡ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝፈጠርዎ ጸገምን ብምምልካት፡ ዝኾነ ኣብ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ፡ ኣገልግሎት ንምሃብ፡ መልእኽቲ ንምብጻሕን፡ ብውልቂ ይኹን ብሕብረት፡ ዝመጽእ፡ ብዘይኣፍልጦ ሰበኻ ጉባኤን ካህንን፡ ብዘይመሰነይታን ፍቓድን ወረቐትን ቡራኬን ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ዝመጽእ ተቐባልነት ከም ዘይህልዎ ጉባኤ ንውሳኔ ቁጽሪ 3, ተስዓን ሽዱሽተን ካብ ሚእቲ (96 0/0) ከም ዘለዎ ክጸድቕ፡ ብዘይተቓውሞን፡ 8 ድምጸ ተዓቅቦ ብምኻን ጉባኤ ወሲኑ።፡
4. እቲ ኣብ መንጎ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስን ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስን ዘሎ ጉዳይ ተፈቲሑ፡ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ብሓደ ተጠሚሮም፡ ሓደ ምእኩል ኣሰራርሓ፡ ክሰርሕ ማእከልነት ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ክኽበር ናይ ኩሉ ምእመን ዓቢይ ሃንቀውታን ጸሎትን እዩ። እዚ ጉዳይ እዚ ክሳብ ዚፍታሕ ግና፡ ቤተ ክርስቲያን ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን፡ ብጀካ ናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ቡራኬን ፍቓድን ክታምን፡ ዝኾነ ውሳኔ፡ መልእኽቲ፡ ትእዛዝ ተቐቢሉ ክተግብርን ክፍጽምን ከፈጽምን ከም ዘይክእል፡ ኣብ ምፍታሕ ኣሎ ዝበሃል ዘይምርድዳእ፡ ኣባላት ደብረ ግእዛን መድሓኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ፡ ብጉልበት፡ ገንዘብ፡ ጸሎት ከምቲ ኣቐዲሙ ንዕቤት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ክሰርሖ ዝጸንሖ፡ ክሰርሕን ግቡኡ ክፍጽም ምኻኑ፡ ጉባኤ ብከምዚ ዚስዕብ ድምጺ ውሳኔ ኣማሓላሊፉ።

ውሳኔ ቁጽሪ 4 ተስዓን ሸውዓተን ካብ ሚእቲ (97 0/0 ) ከም ዘለዎ ክጸድቕ።
ተቓውሞ 3 ድምጸ ተዓቅቦ 4 ብምኻን ወሲኑ።



P.O.BOX 1385
Redan , GA. 30074
USA

(770)-484-1322 Church
Fax (770)-484-1344

ጉባኤ ኣብ መወዳእታ፡ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ፡ ከም ኩሎም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ምእመናን፡ ብይበኞዓናን ይኾነናን ዝበሎ ካህን፡ ክግልገል መንፈሳዊ መሰሉ እዩ። ካብዚ ቅዱስ መንፈሳዊ መሰል ተበጊስና ድማ፡ ካህንና ሒዝና፡ ዓቕምና ብዝፈቐዶ፡ ብገንዘብናን ጉልበትናን ቤተ ክርስቲያንና ሃኒጽና፡ ንፍስናን ደቅናን ግቡእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣብ ምፍጻም ንርከብ፡ ብንረኽቦ ኣገልግሎትውን ዕጋበት ኣሎና።

ደብረ ግእዛን መድሓኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያንን፡ ምእመናንን ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሓንስን ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ንዕቤትን ምዕባለን ቅድስት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምስፋሕን፡ ኣጋይሽ ካህናት ኮነ ጳጳሳት፡ ኣብ ምእንጋድ፡ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ሓቢርካ ናይ ምዕባይን ዝገበርናዮ ኣስተዋጽኦ ኣዝዩ ዓቢይ እዩ። ብእኡ መጠን ድማ በረኸትን ክብርን ረኺብና ኢና።

ብኣንጻሩ ብጉጀለ ኮነ ብተናጸል፡ ንቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ንምድኻምን ኣባላታ ንምብትታንን፡ ሓድነት ህዝቢ ኣብ ምክፍፋልን፡ ንሓፈሻዊ ቤተ ክርስቲያንናን ኦርቶዶክሳዊ እምነትናን ንቅዱስ ኣካይዳናን ስም ኣብ ምጽላምን ምክፉእን ተዋፊሮም ንዝርከቡ ተጻባእቲ፡ ቤተ ክርስቲያንናን ካህንናን እናተኸላኸልና፡ ንሓድነትናን ሃይማኖትናን ተጊህና ክንከላኸል ብሓደ ተሰማሚዕና ወሲንና።

ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሓንስ ናይ ደብረ ግእዛን መድኃኒ ዓለም፡ ቤተ ክርስቲያን ኣገልግሎት ብዘለውዎ ክቐጽሉ ፍቓደኛ ብምኻኖም፡ ብመንፈሳዊ ሰንሰለት ኣብ ትሕቲ ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ዝምራሕ ማእከልነት ቅዱስ ሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ምምሕዳራዊ ጉዳይ ብዝምለት ድማ ብኣባላት ቤተ ክርስቲያን ዝጸደቐ መመሓደሪ ሕጊ By-law ከምኡውን ዝተመዝገብናሉ መንግስቲ ኣሜሪካ ክፍለ ምምሕዳር ጆርጅያ (State of Georgia) ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት ሕጊ "Religious Corporation Laws" መንፈሳዊ ኣገልግሎቱ ቀጻሊ ክኸውን ጉባኤ ብምሉእ ድምጺ ተሰማሚዑ ብዘይተቓውሞን ውሳኔኡ ኣሕሊፉ።

ጉባኤ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስን ቅዱስ ፓትርያርክን ዘሎ ዘይምርድዳእ፡ እዋናዊ ፍታሕ ክርከቦ፡ ሓድነት ኣብያተ ክርስቲያናትን ምእመናንን ከይትንከፍ፡ ምእመናን ኣትላንታን ከባቢኣን ከምቲ ኣቐዲሙ ንዕቤትን ምዕባለን ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዘርኣዮ ሕጂውን ኩሉ ምእመን ብጸሎትን፡ ብጉልበት፡ ብገንዘብን



P.O.BOX 1385
Redan , GA. 30074
USA

(770)-484-1322 Church
Fax (770)-484-1344

ሞራልን እጃሙ ከበርክት ብተገዳስነት ክዋሳእ፣ ድልውነቱ ገሊጹ፣ ኣቦታትና ጉዳይ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት ቅልጡፍ ፍታሕ ክገብሩ ለበውኡ ኣቕሪቡ ብምህልላን ጸሎትን ተፈጺሙ።

እዚ ጽሑፍ እዚ ንዝምልከቶም ኣካላትን፣ ኣብ መራኸቢ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን መርበብ ሓበሬታ www.tewahdo.com ክዝርጋሕ ጉባኤ ተሰማሚዑ ወሲኑ

እግዚኣብሔር ሰላሙን ረድኤቱን ይሃበና።

ሓፈሻዊ ጉባኤ ምእመናን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ።

ጥቅምቲ 09/2005

፳፰ መስከረም ፲፱፻፺፰



P.O.BOX 1385
Redan , GA. 30074
USA

(770)-484-1322 Church
Fax (770)-484-1344